# ነብሰ-ምክልኻል - SELF DEFENCE

ሓንቲ ሃገር ብመሰረት ዓለም-ለኻዊ ሕጊ ኣብ ልዕሊኣ ንዝፍጸም መጥቃዕቲ ብሓይሊ ንምክልኻል ውሁብ መሰል ኣለዋ። እዚ ውሁብ መሰል ናይ ነብሰ-ምክልኻል ኣብ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቻርተር ብዓንቀጽ 51 ዝፍለጥ ኮይኑ ሓንቲ ልዕላዊት ሃገር ወይ ድማ እኩባት ሃገራት ብሓባር ኣብ ልዕሊኤን ንዝፍጸም ወራር ወይ መጥቃዕቲ ነብሰን ንምክልኻል ብሓባር ግብረ መልሲ ንክህባ ዘፍቅድ ዓለም=ለኻዊ ሕጊ እዩ።

ኣብ ዶብ ሃገራት ግርጭታት ክርኤ ንቡር እዩ። እቲ ኣገዳሲ ነጥቢ ግን ንምንታይ ግርጭታት ተፈጢሩ ዘይኮነስ ነቲ ግርጭት ከመይ ጌርካ ብሰላማዊ መንገዲ ተዕርፎ እዩ። ኣብ ዓለም ኣብ መንጎ ብዙሓት ሃገራት ዝተላዕለሉ መፍትሒ ዘይተገብረሎም ናይ ዶባት ግርጭታት ኣለዉ። እዞም ግርጭታት ገሊኦም ሓሓሊፉ ደማዊ ኩናት ዝተኻየደሎም ገሊኦም ድማ ብኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ዓለም ኣብ ዘ-ሄግ ዝድምደሙ፣ ገለ ድማ ብሓባራዊ ምርድዳእ ዝዕጸዉ እዮም።

እዚ ሕጂ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብፍላይ ድማ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝርኣዩ ዘለዉ ግርጭታት መንቀሊኡ ድሑር መስፍናውን ጸቢብ ዓለታዊ ኣታሓሳስባ ብውድብ ወያነ ብ1976 ዝተሰረተ እዩ።

ወያነ ኣብ ኢትዮጵያ ብደገፍ ህ.ግንባር ኣብ ስልጣን ክመጽእ እንከሎ ማንታ ልቢ ሒዙ እዩ ተበጊሱ። ብሓደ ሸነኽ እቲ ብ1976 ዝኣመሞ ማኒፈስቶ ሕልሚ ዓባይ ትግራይ - ማለት ገፌሕን ለሙዕን መሬት ካብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብምውሳድ እንተላይ ናይ ባሕሪ ኣፍደገ ዘለዋ ሃገር ንምምስራት ክኸውን እንከሎ፣ ክሳብ እዚ ሕልሚ ኣደልዲሉ ዘረጋግጽ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብብሄራት እንዳኸፋፈልካን ብሓይልን ራዕድን ምግዛእ እዩ። በዚ ድማ ቁጠባ ሃገረ ኢትዮጵያ ድማ ንረብሓ ትግራይን ተጋሩን ንክኸውን ኣጸቢቑ ሰሪሕሉ።

ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣኑ ኣደልዲሉ ምስ ሓዘ ድማ ቆላሕትኡ ናብ ኤርትራ እዩ ጌርዎ። መጀመርታ ብናይ ዶብ ምስምስ ኣብ ባድመ ዝጀመሮ ቀጺሉ ብዓሰብን ዛላምበሳን ኦምሓጀርን በቲ ንሱ ዝቓጻጸሮ ስማዊ ፓርላሙኡ ኩናት ብምእዋጅ ንሰለስተ ዓመታት ደማዊ ኩናት ከም ዝካየድ ጌሩ። ዋላኳ

ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ሕጋዊ ብይን እንተተዋህበ ወያኔን ኣሸቀልቱን ግን ንዓለምለኻዊ ሕጊ ብምጥሓስ ተጻብኦኦም ብኻልእ መልክዑ ቁጠባ ኤርትራ ንከዳኽም እገዳ፣ሓይሊ ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ ንከዳኽም መንእሰይ ኤርትራ ንክበታተን ዘይተሓለለ ጸዕሪ ኣካይዶም። እዚ እከይ ጉጅለ ከሳብ ብሓባራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብህዝባዊ ናዕቢ ካብ ስልጣኖም ተገፊፎም ንመቀለ ዝኣተወ ተጻብኦኦም ፈጺሞም ኣየዕረፉን።

ብቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ ዝምራሕ መንግስቲ ኣብ ስልጣን ምስ መጸውን ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ሰላምን ምሕዝነትን ምትሕግጋዝን ውዕል ብምግባረን ጉጅለ ወያነ ደስ ኣይበሎምን። ስለዚ ድማ ዶብ ከይምልከት ዓቢ ዕንቕፋት ኮይኖም ቀጺሎም። ብ04 ሕዳር 2020 ድማ ነቲ ኣብ ትግራይ ዓስኪሩ ዝነበረ ሰራዊት ብድቕሱ ቀቲሎምን ረሺኖም ሙሉእ ዕጥቑ ራስዮም ናብ ዶባት ኤርትራ እዮም መጺኦም። ቀጺሎም ድማ ናብ ከተማታት ኤርትራ ሚሳይላት ተኹሶም።

ስለዚ ድሕሪ ናይ 1998-200 ኲናት፣ ወያነ ንመበል ካልኣይ ግዜ እዮም ንሉዓላውነት ኤርትራ ደፊሮም። ንሰራዊት ኢትዮጵያ ምቕታሎምን ብረቱ ምዝማቶን ድማ ቀዳማይ ድፍረት ሉዓላውነት ኢትዮጵያ እዩ። ቀጺሉ'ውን መንግስቲ ኢትዮጵያ ሰራዊቱ ካብ ትግራይ ሲሒቡ በይናዊ ናይ ቶኽሲ ጠጠው ምባል ስጉምቲ ምስ ወሰደ ወያነ ንገለ ኣዋርሕ ሓይሎም ኣደልዲሎም ናብ ኣዲስ ኣበባ ንምእታው ዳግማይ ወራር ብምክያድ ዘይተኣደነ ዝምታን ቅትለትን ዘረፋን ዓመጽን ብምፍጻም ንካልኣይ ግዜ ሉዓላውነት ኢትዮጵያ ደፊሮም።

እንደገና ካብ መብዛሕትኡ ኣትዮሞ ዝነበሩ ቦታታት ክልል ኣምሓራ ተኮብኪቦም ንትግራይ ምስ ኣተዉ መንግስቲ ኢትዮጵያ በቲ ብኣሜርካን ኤውሮጳን ዝተገብረሎም ተጽዕኖ ንካልኣይ ግዜ ቶኽሲ ጠጠው ንክብል ወሲኖም። ወያነ ነዚ ተጥቂሞም ዳርጋ ንሙሉእ ህዝቢ ትግራይ ኣዕጢቖም መጀመርታ ብወገን ቆቦን ወልቃይትን ጸኒሖም ድማ ብወገን ኤርትራ ብሸነኽ ሽራሮን ራማን ዛላምበሳን ንሳልሳይ ግዜ ወራር ከፊቶም።

ስለዚ እዚ ብፓርላማ ኢትዮጵያ ከም ግብረሽበራዊ ውድብ ዝተወገዘ ንሓደ ግዜ ዘይኮነ ብተደጋጋሚ ወራር ዝፍጽም ልዑላውነት ሃገራት ዝፈታተን ዘሎ ጉጅለ ማሕበረ ሰብ ዓለም ስለምንታይ እዩ ስቕ ኢሉ ዝርእዮ ዘሎ?

ብመንግስቲ ኣሜርካን ኤሮጳዊ ሕብረት በብግዜኡ ሰራዊት ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ክወጽእ ኣለዎ እንዳተባህለ ዝዝረብ ሕጋውነት ኣለዎ ድዩ? ኤርትራ ኣብ ከባቢ ዶባታ ንወተሃደራዊ ስትራተጂ ብዝጥዕም ካብ ዶባታ ሓሊፋ ክትከላኸል መሰላ ዶ ኣይኮነን? ወይሲ ከም'ቲ ወያነ ኣብ ክልል ኣምሓራ ኣትዮም ዝገበርዎ ዕንወት ክሳብ ዝፍጸሙ ሰቕ ኢልና ክንርእዮም እዩ ዝድለ ዘሎ። ኣሜሪካ ንናይ ኔቶ ሰራዊት ኣኸቲታ ኣብ ቬትናምን ኣፍጋኒስታንን ሶርያን ዒራቕን ሃገራዊ ረብሓይ ተተንኪፉ ኢላ እንዳኸደት ስለምታይ ኤርትራ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዶባታ መጺኡ ልዕላውነታ ዝደፍር ዘሎ ወራሪ ክትምክቶ ብመሰረት ዓንቀጽ 51 ዘይፍቀዳ? ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓባራዊ ጸላኢ ስለዘለወን ብስምምዕ ብሓባር ክሰርሓ ስለምንታይ ብመሰረት ዓንቀጽ 51 ዘይፍቀደለን?

እቲ መልሲ ብሩህ እዩ። ጉዳይ ፍትሕን ሕጋውነትን ኣይኮነን። ምዕራባውያን ዕላሞኦም ነቲ ን27 ዓመታት ሃብቲ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪቃን ክዘምቱ ዘፍቀደሎምን መሳርሒ ዝኾኖምን ሓይሊ -ወያነ- ሞስኡ (ዓስቡ) ንምኽፋልን ዳግማይ ኣብ ፖለቲካ ኢትዮጵያ ግደ ክህልዎን ረብሓታቶም ንምሕላው እዩ። ከም'ቲ ኣብ ሓምሳታት ጉዳይ ነጻነት ኤርትራ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ተላዒሉ ኤርትራ ነጻነታ ከይትረክብን ምእንቲ ረብሓ ኣሜርካ ምስ ኢትዮጵያ ክትቁረን ኣለዋ ዝተባህለ ሕጂ'ውን ከምኡ እዩ ዝድገም ዘሎ። ኤርትራን ኢትዮጵያን ግን ሕጋዊ መሰል ስለዘለወን ልዑላውነተን ንምሕላው ዝኽልክለን ሓይሊ ኣይክህሉን እዩ።

ትግራይ ሃገር ኣይኮነትን። ኣብ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብጀካ ናይ ክልቲኡ ሃገራት ሰራዊት ክዕስክር ቁቡል ኣይኮነን። መንግስቲ ኤርትራ ልዕላውነት ኢትዮጵያ ዘኽብርን ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተኸባቢሩን ተረዳዲኡን ዝሰርሕ እዩ። ሰራዊት ፌደራል ኢትዮጵያ ዶባቱ እንተድኣ ኣጽኒዑ ተቓጻጺርዎ ኤርትራ ናብ ውሽጢ ትግራይ ወይ ኢትዮጵያ ዘእቱ ምኽንያት የብላን። ብናይ ሓባር ስምምዕ ዝግበር ምንቅስቓስ ግን ንኣሜሪካ ወይ ኤሮጳውያን ዘሻቅሎም ክህሉ ኣይግባእን።

ዓወት ንሓፋሽ!!

ግርማይ የማነ 31/10/2022